

ብመም ተኪአ መብራህቱ

# ንኣምን ብስላሴ ካበይ ኣምጺእናዮ?

## ቀዳማይ ክፋል

### ሓሙሽተ መለክዒታት ናይ ክርስትያን ምዃን።

እምነት ብስላሴ ወሳንን መሰረታውን መለዮ ናይ ክርስትያን ምዃን እዩ። ክርስትያናት ምዃንና መለክዒ ኣለዎ። ዝስዕቡ ሓሙሽተ ዓበይቲ መለክዒታት ድማ ይዓምም።

1. <u>ስነ-መለኮታዊ መለክዒ</u>። እንታይ ከም እንኣምን ብስነ-መለኮታዊ መሰረት ወሳኒ ናይ መበገስታ መለክዒ እዩ። እዚ፡ ስነ-መለኮታዊ መሰረታዊ ምርዳእና እንታይ ምዃኑ ከነነጽር ይግድደና። ነዚ መለክዒ እዚ ክርስትያን ምዃን ብመስፈር ስነ-መለኮት ንስመዮ።

2. <u>ናይ ህይወት መለክዒ</u>። ከመይ ከም እንነብር ድማ ካልኣይ ዓቢ መለክዒ እዩ። ክርስትያን ምዃን የሱስ ክርስቶስ ኣርኣያ ናይ ህይወትካ ኰይኑ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ዘኽእለካ ዓቕሚ ረኺብካ ምንባር እዩ። ነዚ ድማ ክርስትያን ምዃን ብህይወት ኢልና ንስመዮ።

3. <u>ማሕበራዊ መለክዒ</u>። ስነ-መለኮታዊ ምርዳእና ድልዱል፡ ህይወትና ኣርኣያ ክርስቶስ ዝስዕብ ክኸውን ከሎ ብክልተ ዓበይቲ መስፈር ተሰፊርና ሓሊፍና ኣሎና ማለት እዩ። ሳልሳይ መስፈር ድማ ኣብቲ ሕብረት ኣመንቲ ኣባልን ተሳታፍን ምዃን እዩ። ነዚ ክርስትያን ምዃን ብመስፈር ማሕበራዊ መስፈር ኢልና ንስመዮ።

4. <u>ናይ ተልእኾ መለክዒ</u>። ክርስትያን ምዃን ራብዓይ መስፈሪ ኣለዎ። መስፈር ናይ ተልእኾ ወንጌል ኢልና ድማ ንስመዮ። ወንጌል ንምሉእ ዓለምን ንነፍስ-ወከፍ ሰብን ክብሰር ዘለዎ ሕድሪ እዩ። ኣብዚ ጽዓት እዚ ነፍስ-ወከፍ ኣማኒ ተሳታፊ ክኸውን ግዴታ ኣለዎ።

5. <u>ናይ ተስፋ መለክዒ</u>። ሓምሻይ መስፈር፡ ናይ ተስፋ መስፈር ንስመዮ። ክንኣትዎ እተጸዋዕናሉ ናይ ዘለኣለም ህይወትን መንግስቲ ኣምላኽን ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ዘሎና ርጉጽ ተስፋ ድማ መስፈሪና እዩ።

## ኣተኵሮ ናይዚ ዓንቀጽ
### ቀዳማይ መለክዒ

ኣተኵሮና፡ በዚ እዋን እዚ፡ ኣብታ ቍጽሪ (1) ይኸውን። እቲ ኣማኒ ክርስትያን ተባሂሉ ክብቅዕ፡ እቲ ናይ ስነሳመለኮት እምነቱ ድልዱል ኪኸውን ይግባእ። ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ወሳኒ ስነ-መለኮታዊ ድልዱል መሰረት ድማ ምእማን ብስላሴ እዩ።

ኣብ ምእማን ብስላሴ ኩሉ ስነ-መለኮታዊ ሓቅታትን ጸጋታትን ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ሰሪጹ ይርከብ። ስላሴ ኣምላኽ ሓደ ምዃኑን ስሉስ ድማ ምዃኑን ዚሕብር ስነ-መለኮታዊ ኣምር እዩ። ከመይ ኢልና ኢና ኣብዚ እጹብ ዝኾነ ስነ-መለኮታዊ ምርዳእ በጺሕና? ስላሴኸ እንታይ እዩ? ምርምርና ምምላሽ ናይዘን ክልተ ሕቶት ዝዓምም ይኸውን።

> †እምነት ብስላሴ ወሳንን መሰረታውን መለዮ ናይ ክርስትያን ምዃን እዩ።

ስላሴ ዚብል ቃል፡ ከም ጥረ ቃሉ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኰነ ብቋንቋ እብራይስጢ ወይስ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብግሪኽ ፈጺሙ የሎን። እብራይስጥን ግሪኽን ድማ መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈሉ ሰሩራት ቋንቋታት እዮም። እሞ ካበይ ኣምጺእና ድኣ ኢና፡ ንሕና ብትግርኛ ስላሴ፡ ብእንግልዝኛ "ትሪኒቲ" (ካልኦት ድማ በብቋንቋኦም)፡ ... ወዘተ፡ እንብል ዘሎና? ስላሴ ተባሂሉ ክትርጎም ዚክኣል ጥረ-ቃል ኣብ ብሉይን ሓዲስ ኪዳናት ዘይርከብ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዓ ውደ-ኣምሩ (data) ብኣኽል-ታሪፍ ኣብኡ ኣሎ። በዚ መሰረት እዚ ድማ እዮም፡ እቶም ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት፡ በብቋንቋታቶም፡ ስላሴ ዘስምዕ ቃላት ዝመሃዙ።

እምብኣርከስ፡ ምእንቲ ርዱኣት ኣመንቲ ክንከውን፡ እቶም ቀድሜና ዝነበሩ ከመይ ኢሎም ኣብዚ ምርዳእ እዚ ከም ዝበጽሑን ንኣና ድማ ሪም ዘሳገሩልና እስከ ነስተብህለሉ፤

### 1. ኣብ ብሉይ ኪዳን ይጅምር

እምነት ምስጢረ ስላሴ ክንርድኦ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡ ክንፈልጦ ናይ ግድን እዩ። እቲ ምሉእ ትምህርቲ ብዛዕባ ምስጢረ ስላሴ ጽዕዩ እንረኽቦ ኣብ ሓዲስ ኪዳን እኳ እንተኾነ፡ ብብሉይ ኪዳን ክንጅምሮ ናይ ግድን ይኾነና። ስለምንታይከ ከምኡ ንገብር? ብስዉርን ብኣመትን እኳ እንተ ኾነ፡ መንቀሊ ትምህርቲ ብዛዕባ ምስጢረ ስላሴ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ጀሚሩ እዩ። ኦሪት ዘፍጥረት፡ እቲ ናይ መጀመርያ መጽሓፍ ናይ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን፡ ብ1450 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ብሙሴ እዩ ተጻሒፉ። እቲ ድሕሪ ኩሉ እተጻሕፈ ክፍሊ ናይ ብሉይ ኪዳን ድማ እቲ ብ430 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ እተጻሕፈ ትንቢት ሚልክያስ እዩ። ምጽሓፍ ናይ ሰላሳን

ትሽዓተን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ኣብ ውሽጢ እዚ ናይ ሓደ ሽሕ ዓመታት እናገስገሰ እዩ ተዛዚሙ፡፡ በዘን ናይ ሓደ ሽሕ ዓመታትሲ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ብዛዕባ ምስጢረ ስላሴ፡ እንታይ ተነጊሩና ኣሎ?

ከም ክርስትያናት ብምስጢረ ስላሴ ክንኣምንሲ ካበይ ኣምጸእናዮ? ምንጪ እዚ እምነት እዚ ምህዞ ሰብ ኣይኮነን፡፡ ኪኸውን ድማ ኣይክእልን እዩ፡፡ ሰብ፡ ኣማኒ ኮነ ወይስ ከሓዲ፡ ይትረፍዶ ክምህዞስ፡ ምስ ተጋህደሉ እኳ ንምርዳኡ ኮነ ወይስ ንምግላጹ ልዕሊ ዓቕሙ ኮይኑ ይረኽቦ ኣሎ፡፡

ምስጢረ ስላሴ ብምግላጽ ኣምላኽ፡ ኣብ ታሪኻዊ ኩነታት ተዋሂቡ፡ ተጻሒፉ ቀሪቡልና ኣሎ፡፡ ስለዚ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ እዚ እንታይ ይብል ኣሎ ኢልና ርዱኣት ክንከውን ናይ ግድን እዩ፡፡ እንታይ ይብል ኣሎ ኢልና ከየጽዓና እንታይ ማለቱ እዩ ክንምልሶ ከም ዘይኽእል ክቱት ኣገባብ ናይ ምርምርና ንግበር፡፡ እምብኣር ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ምስጢረ ስላሴ እንታይ ይብለና?

ንረዳእ፡ እቲ ስላሴ ዚብል ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዘየሎ፡፡ ኣብ ሓዲ ኪዳን ከይተረፈ የሎን፡፡ ስላሴ ዚብል ስነ-መለኮታዊ ቃል ንመጀመርያ ጊዜ ብግሪኽ ኮነ ወይስ ብላቲን ክጥቀምሉ ዝጀመሩ ካብ 325 ድ.ል.ክ. ንነጀው እዩ፡፡ ግናኸ፡ እቲ ቁምነገሩ፡ ማለት እቲ ዓውደ-ኣምሩ (data) ካብ ዘፍጥረት ጀሚሩ ኣብኡ ኣሎ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብኣመት፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ድማ ብግህዶ፡፡ እምብኣርከ እቲ ብሉይ ኪዳን ዝህበና ዓውደ-ኣምር፡ (data) ንምስጢረ ስላሴ ብዚምልከት፡ ከምዚ ዝስዕብ ጌርና እስከ ነስተብህለሉ፡፡

- *ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን መን እዩ?*
- *እጹብ ሓደነት ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን፡*
- *ተዮፋኒታት ዝሕብሮ እጹብ ሓደነት፡*
- *መልኣኽ እግዚኣብሄር ዝሕብሮ ብጹእ ሓደነት፡*
- *ምጥርናፍ ዓውደ-ኣምር ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን፡*

## 2. ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን መን እዩ?

ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ሓደነት ናይ ኣምላኽ፡ ዘይልወጥ፡ ዘይንኪ፡ ዘይውሰኽ፡ ብትኽ ዝበለ ኣዋጃዊ ትምህርቲ እዩ፡፡ ሙሴ ብ1450 ቅ.ል.ክ.፡ ነብይ ኢሳይያስ ድማ ብ750 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ከምዚ ይብሉና፡

*"ኣነ፡ ኣነ እየ ንሱ፡ ምሳይ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘልቦ ድማ ሕጂ ርኣዩ፡፡"*
ዘዳ 32፡29፡፡

*"እግዚኣብሄር ኣነ እየ፡ ካልእ የልቦን፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን፡ ... ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ካልእውን ከቶ የልቦን፡፡"*
ኢሳ 45፡5-6፡፡

ኣምላኽ ሓደ ምዃኑ ሙሴን ኢሳይያስን ዝህቡና ዓውደ-ኣምር፡ ካልኦት ጸሓፍቲ ብሉይ ኪዳን ድማ ኣማእታት ጊዜ ደጋጊሞም ዘቃልሕዎ ሓቂ እዩ፡፡ ኣምላኽ ሓደ እዩ፡፡

ሃይማኖታውያን ነቶም ዘምልኽዎም፡ ኣላህ፡ ቶር፡ ራ፡ ዘውስ፡ ሞለኽ ... ወዘተ እናበሉ፡ በበቲ ቋንቋኦምን ባህሎምን መጸውዒታት ከም ዝህብዎም ታሪኻዊ ሓቂ እዩ፡፡ ንሕና ድማ ብትግርኛ ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር ኢልና ንሰምዮ፡፡ እዞም ኩሎም ኣስማት እዚኣቶምሲ እተፈላለዩ መጸውዒ ብእተፈላለየ ቋንቋታት ናይቲ ሓደ ኣምላኽዶ እዮም ወይስ መጸውዒ ናይ እተፈላለዩ ኣማልኽቲ?

*ብሉይ ኪዳን ነዚ ሕቶ እዚ ብትኽ ዝበለ መልሲ ኣለዎ፡፡ ከምዚ ድማ ይብል፡ ቋንቋታት ኮነ ባህልታት ብዘየገድስ፡ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ንሱ ጥራይ እዩ፡፡ ነብይ ኤርምያስ (626–587 ቅ.ል.ክ.) ኣብ ኤር 10፡10, 11 ከምዚ ይብል፡*

*"ግናኸ እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ሓቂ፡ ህያው ኣምላኽ፡ ዘለኣለማዊ ንጉስ እዩ፡፡ ... እዞም ሰማይን ምድርን ዘይፈጠሩ ኣማልኽቲ ... ኪጠፍኡ እዮም፡፡"*

ምስናይዚ፡ ብሉይ ኪዳን፡ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ፡ ህያው፡ ፈጣሪ፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ዚኽእል፡ ኣብ ኩሉ ዘሎ፡ ቅዱስ ብዘይ ኣበርን ጉድለትን ... ወዘተ፡ ምዃኑ ብሉይ ኪዳን ዚብሎ እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን እጹብ እዩ፡፡ ማለት ኣምላኽ ወትሩ ልዕሊ እቲ እተነግረና፡ ልዕሊ እቲ እተገልጸልና፡ ልዕሊ ምርዳእና ምዃኑ ደጋጊሙ ይነግረና፡፡ ንኣብነት ዝስዕቡ ንመልከት። ኣቦና እዮብ ኣብ 11፡7፡፡

*"ንመዓሙቕ ኣምላኽዶ ከተቕሮ፡ ንምልኣት እቲ ኹሉ ዚኽእልሲ ኸተቕርዶ ትኽእል ኢኻ?"* ይብል።

ምቕር ማለት፡ ጥልቅነት ናይ ዓሚቕ ቀላይ ዓቂንካ ምፍላጥ የመልክት፡፡ ኣቦና እዮብ ዚብለና ዘሎ ድማ፡ ናይ ኣምላኽ ነገራት ተመራሚርካ፡ ዝፈለጥካ እንተ ፈለጥካ'ውን መወዳእታኡ ከም ዘይብጻሕ እዩ፡፡ ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝ 139፡6። 145፡3 ነብይ ኢሳይያስ ድማ ኣብ 40፡28 ከምዚ ናይ እዮብ ይነግሩና፡፡

ኣብ ብሉይ ኪዳን ሓደ ካብቲ እጹብነት ናይ ኣምላኽ ዘጋጥመና ድማ፡ እቲ ሓደነቱ እጹብ ሓደነት ከም ምዃኑ እዩ፡፡ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብኸምዚ ዝስዕብ ኮይኑ ተኣሚቱልና ንረኽቦ፡፡

1. ብቲ "ኣኻድ" ዚብል ቃል እብራይስጢ፡ ብዙሕነት ዝሰረጸ ሓደነት ዚሕብር፡
2. ብቲ እጹብ ስዋስው ናይ ብዙሕ ቊጽሪ ስማትን፡ ክንዲ ስምን ዝሕብርዎ፡
3. ብቲ ምግላጽ ናይ ተዮፋኒታት፡
4. ብቲ ተዮፋኒታት ናይቲ "መልኣኽ እግዚኣብሄር"

## 3. እጹብ ሓደነት ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን

3.1 እተሃንዘወ ሓደነት ኣምላኽ ብቲ ኣኻድ ቃል እብራይስጢ ተሓቢሩ ዘሎ፡፡

ኣብ ብሉይ ኪዳን ብእብራይስጢ፡ ኣምር ናይ እተሃንዘወ ሓደነት ዚሕብር "ኣኻድ" ዚብል ቃል፡ ኣሎ፡፡ ንኣብነት ዘፍ 2፡24 ብዛዕባ ኣዳምን ሄዋንን ከምዚ ይብል፡ "... ሰብኣይ ... ምስ ሰበይቱ ይጠብቕ፡፡ ... ሓደ (ኣኻድ) ስጋ ድማ

ይኾኑ፡፡”  ክልተ ክነሶምሲ ሓደ ዝኾንሉ ኣምር የተምብህ ከም ዘሎ ንመልከቶ።

ብዛዕባ ሓደነት ኣምላኽ ኪዛረብ ከሎ ድማ፡ ኣብ ዘዳ 6፡4 ከምዚ ይብል፡

*“ዎ እስራኤል ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ሓደ (ኣኻድ) እግዚኣብሄር እዩ፡፡”*

እቲ ሓደነት እግዚኣብሄር እተሃንዘወ ምኳኑ ተሓቢሩ ኣሎ፡፡ ንኣብነት፡ ብዛዕባ እቲ ሓው፡ ሓውቲ፡ ዘመድ ዘይብሉ ሰብ ክጠቅስ ከሎ ኣብ መዝ 68፡6 ከምዚ ይብል፡ “... ነቲ በይኑ (ያኺድ) ዝኾነ ...፡፡” ነዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንግሊዝ ሶሊታሪ (solitary) ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ፡፡ እዚ ሰብዚ እንኮ፡ ንውልቁ፡ ቃንጃ፡ ንበይኑ እዩ፡፡ ግናኸ ብሉይ ኪዳን ነቲ ሓደነት ናይ ኣምላኽ ብኣሓድ ድኣ እምበር ብያሒድ ኣይሰምዮን፡፡ ማለት እቲ ሓደነቱ እተሃንዘወ ሓደነት ምኳኑ ይእምተልና ኣሎ፡፡

3.2 ስዋስው፡ ብ ዙሕነት ዝሰረጸ ሓደነት ኣምላኽ ይሕብር፡፡ ኣምላኽ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኪዛረብ ከሎ 'ኣነ' እናበለ ይዛረብ፡፡ እቶም ጸሓፍቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ክዛረቡ ከለዉ ድማ 'ንሱ' 'ንሱ' 'ናቱ' እናበሉ ብነጸላ ቍጽሪ ይዛረቡ እዮም፡፡ እዚ ዘገርም ኣይኮነን፡፡ ንኣብነት ሙሴ ብዛዕባ ኣምላኽ ኪዛረብ ከሎ፡ ኣብ ኦሪት ዘዳግም 23፡19 ከምዚ ይብል፡፡

*“ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኮነን፡፡ ከይጠዓስ ከኣ፡ ወዲ ሰብ ኣይኮነን፡፡ ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ? እተዛረቦስ ኣይፍጽሞንዶ?*

እቲ ኣምላኽ ተተርጒሙ ዘሎ ቃል ትግርኛ፡ ብእብራይስጢ “ኤል” እዩ፡፡ ስዋስዋዊ ቍጽሪ ናይ “ኤል” ድማ ነጸላ እዩ፡፡ ስዋስው ናይ ምስ “ኤል” ተሳንዮም ዝኸዱ ቃላት፡ ኣንቀጻትን ክንዲ ስምን ድማ ነጸላ እዮም፡፡ ከይሕሱ፡ ከይጠዓስ፡ ዝበሎ፡ ኣይገብሮንዶ፡ እተዛረቦ፡ ኣይፍጽሞንዶ ዝብሉ ናይ ኣንቀጻት ቃላት ነጸላ ቍጽሪ እዮም፡፡ ብስዋስዋዊ ኣገባብ ድማ ምስቲ ኤል (ኣምላኽ) ይቋረን፡፡

እቲ ዘገርም ኣምላኽ ባዕሉ 'ኣነ' እናበለ ንገዛእ ርእሱ ምጥቃሱ፡ ወይ ካልኦት ንሱ እናበሉ ምጥቃሶም ኣይኮነን፡፡ እቲ ዘገርም ኣምላኽ ንገዛእ ርእሱ 'ንሕና' እናበለ ምጥቃሱ እዩ፡፡ እቶም ጸሓፍቲ ድማ ብዛዕባ ኣምላኽ ክዛረቡ ከለዉ ብነጸላ መልክዕ ጥራይ ዘይኮነስ ብናይ ብዙሕ መልክዕ ገይሮም ምጥቃሶም እዩ፡፡ እዚ ምርዳእ እዚ ዳሕራይ ዝመጸ እዩ ከይንብሎ ድማ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 1፡26-27 ምጅማሩ ዘተሓሳስብ እዩ፡፡ ከምዚ ድማ ይብል፡

> “ኣምላኽ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር ... በለ፡፡”
> ዘፍ 1፡26

*“ኣምላኽ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር ... በለ፡፡”˜ ዘፍ 1፡26*

እተን “መልክዕና”፡ “ምስልና”፡ “ንግበር” ዝብላ ቓላት፡ ነጸላ ቍጽሪ ዘይኮነስ ብዙሕ ቍጽሪ ዝሕብራ ቃላት ነተኵረለን፡፡ እግዚኣብሄር ንገዛእ ርእሱ



'ኣነ' ምባሉ ኣይገርመናን፡፡ ንገዛእ ርእሱ 'ንሕና' ምባሉ ግና ዘገርም እዩ፡፡ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 11፡7-9፡፡ 3፡22፡፡ ነብዪ ኢሳይያስ 6፡8 ድማ እግዚኣብሄር 'ንሕና' እናበለ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኪዛረብ ከሎ ንርኢ፡፡ እግዚኣብሄር ንገዛእ ርእሱ “ንሕና” ኪብል ከሎስ እንታይ ምርዳእ እዩ ኪህልወና?

እቲ ሓደነት ኣምላኽ እተሃንዘወ ሓደነት ከም ዝኾነ፡ ቃንጃዊ ሓደነት ከም ዘይኮነ ክንርዳእ ግዱዳት ኢና፡፡ ዘበናውያን ከሓድቲ ምስጢረ ስላሴ፡ ከም ሰዓብቲ ሃይማኖት ናይ የሆዋ መሰኻኽር፡ ብድፉንን ሓባልን ምስትውዓል ነቲ ጒዳይ ስለ ዘኣትዉዎ፡ ነዚ እጹብ ነገር ከምዚ ገይሮም ይጥምዝዝዎ፡፡ ይብሉ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ንሕና ኪብል ከሎ ከም ጃንሆያዊ “እኛ” እዩ ይብልዎ፡፡ ሃጸይ ሃይለ ስላሴ ናይ ኢትዮጵያ፡ ንገዛእ ርእሶም ካብ ተራ ውልቀ-ሰብ ዝያዳ ገይሮም ስለ ዝረኣዩዋ፡ ኣብ ክንዲ ኣነ፡ ንሕና እናበሉ ይጠቕሱ ነይሮም፡፡ ስለዚ እቲ ናይ እግዚኣብሄር 'ንሕና' ምባል ድማ ከምኡ እዩ ይብሉ፡፡

ከምዚ ኢልካ ምዝራብ ታሪኽ ናይ ኣይሁድ ዘይድግፎ፡ ምዕባሌ ቋንቋ እብራይስጢ ዘይድግፎ፡ ምዝዝ ኣቢልካ ናይ ህልኸኛን ደንቈሮን ዘረባ እዩ፡፡ ቅንዕ ና ዘለዎ ሰብ ኪብሎ ዝግባእ እዚ እዩ፡፡ ኣብዚ ደረጃ እዚ፡ እቲ ሓደነት ኣምላኽ እንኮኣዊ ከም ዘይኮነ፡ ብዙሕነት ከም ዘለዎ፡ እጹብ ምኳኑ እርዳእ ክብል ይግባእ፡፡ '*ከመይ ገይሩ ሓደን ብዙሕን ዝኸውን? ኢልካ ምሕታት ካልኣዊ እዩ፡፡ 'ይብልዶ ኣሎ?'* ምባል ድማ ቀዳማዊ ሕቶ እዩ፡፡ መን እዩ ኣምላኽ ብሉይ ኪዳን? ሓደ እዩ፡፡ ሓደነቱ ድማ እተሃንዘወ እዩ፡፡ ቃንጃዊ ሓደነት ኣይኮነን፡፡

# ዝርርብ

1. ክርስትያናት ምኳንና ዘረጋግጹልና ሓሙሽተ መለክዒታት ንስመዮም፡፡ ብስላሴ ዘይኣምንሲ ክርስትያንዶ ኪኸውን ይኽእል? ስለምንታይ?

2. ስላሴ ዚብል ስነመለኮታዊ ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ የሎን፡፡ ካብ ዘየሎ በየናይ መሰረት ኢና ብዛዕባ ስላሴ ክንዛረብ እንኽእል?

3. ነቲ ሓደነት ኣምላኽ እጹብ ዝሰመናዮ ስለምንታይ እዩ?

4. ሓደነት ኣምላኽ እጹብ ምኳኑ ብክልተ መገድታት ተሓቢሩልና ከም ዘሎ ንዛተየሉ፡፡

5. ነቲ ሓደነትን ብዙሕነትን ኣምላኽ ብጃንሆያዊ “እኛ” ተርጒምካ ምዝራብ ዝፍጽም ጌጋታት እስከ ንተንትኖ፡፡

> ናይዚ ካልእይ ክፋል ኣብቲ ዝመጽእ ሕታም ይቕጽል።

> ነዚ ትምህርቲ እዚ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ ወይስ ርእይቶ ምስ ዝህልወኩም ናብ ብስራት ክትልእኩ ከም እትኽእሉ ነዘኻኽረኩም።